# ህልዊ ኩነታት መንብሮ
# ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያን
# ዝኸሓነ ናይ ጽልኢ ቅርሕንቲ
# ሰበ ስልጣን ወያነን ስጉምትታቶም ኣብ ልዕሊ
# ኤርትራውያን ስደተኛታትን

ብመጀመርያ:- ንነዊሕ እዋን ካብ'ቲ እነቐርቦ ዝነበርና ጽሑፍ: ሓደስቲ ጉዳያት ዓብሊሎምና ብምጽነሖም: ብሰሩ ኸኣ ካብ ክነቐርቦ እንኽእል ዝነበረና ተግባር ብምድንጓይና ይቕረታ ንሓትት:: መቐጸልታ ናይ'ቲ ቅድሚ ሕጂ እነቐርቦ ዝነበርና ተኸታታሊ ጽሑፋት ብመስርዕ ከነቕርቦም ምኳና ሎሚ ውን ከም ትማሊ ኣብ እምንቶ መብጽዓና ምህላውና እናገለጽና: ነቲ ኣብ ሃገረ ጥልያን ወደብ ላምፓዱሳ ዘጋጠመ ህልቂት ዜጋታትና ንዝተሰመዓና መሪር ሓዘን!!! እናገለጽና: ንመወቲ መንግስተ ሰማይ የዋርሶም! ንስድራ ቤት መወትን: ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ከኣ ጽንዓት ይሃብ!!! እናበልና: መንፈስ መወትቲ ንህዝቢ ኤርትራ: ጠልን በርከትን ሰላምን ይሕደገልና!!! ብምባል ናብ ዝርዝር ትሕዝቶና ክንሰግር:-

በቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣይ ሰላም ኣይ ኩናት ዝፈጠሮ ዘይርጉእ ህይወትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ጨፍላቒ ምሕደራ ስርዓት ህግደፍን ምጽዋሩ ዝሰኣኑ ዜጋታት ኤርትራ: እግሮም ናብ ዝመርሐም ቦታታት ኣብ ዝጓዓዝሉ ዘለዉ ህሞት: ናብ ኩለን ንኤርትራ ዘዳውባ ዘለዋ ሃገራት ሱዳን: የመን: ስዑድያ: ጅቡቲ: ኢትዮጵያ ቀዳማይ እግሮም ኣንቢሮም ዝስደዱ ከም ዘለዉ ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሕበረሉ ዘሎ ወቕቲ: ንኩነታት ስደተኛታት ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ዘለዊዎ ህልዊ ኩነታትን ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማትን ብሰፊሕ ንምድህሳስ ዝዓለመ: ኣብ መርትዖታት ዝተሰነደ ብጥልቀት ዝተቐመረ ጸብጻብ: ናብ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ዝቐርብ ዘሎ ሓበሬታ ኢዩ::

## ቀዋሚ ስትራተጂ ወያነ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን ህዝባን

ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ: ካብ ምምስራቱ ኣትሒዙ: ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ዝሰረቶ ዘይቅየር ቀዋሚ ስትራተጂኡ ከም ዘነጽሮን: ብጉባኤ ደረጃ ዘጽደቖን ንጹር ዛዕባ እንተሃልዩ: ቀዳማይን ዘይቅየርን ስትራተጂ ወያነ: ከም'ቲ ነፍስሄር መለስ ዜናዊ ዝገለጾ: ብዝኾነ ዋጋ! ቅድምን ልዕሊን ኩሉ! ትግራይ እትብሃል ክፍለ ሃገር ኢትዮጵያ: ናይ ባዕላ እትውንኖ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ክህልዋ ኣለዎ:: ነዚ ኸኣ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ: ካብ ቀንዲ ዝተቓለሰሉ ዕላማታት ናይ ኣምሓራ ናይ ኦሮሞ ይኹን ካልኦት ብሄር ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ድሕሪ ረብሓ ህዝቢ ትግራይን: ክፍለ ሃገር ትግራይን ድኣ 'ምበር: ብማዕረ ደረጃ ናይ ምርኣይ ዕላማን ድሌትን ከም ዘይብሉ: ኣብ'ዚ ዝስዕብ ሊንክ ዘካየዶ ቃለ መሕትት ኣነጺሩዎ ኣሎ:: ነዚ ንምርግጋጽ ነዚ ዝስዕብ ሊንክ ተወከስ…………..

እዚ ማለት ከኣ: ወያነ ነቲ ብሄራት ክሳብ ምንጻል ዝብል መደባት ስትራተጂኡ ንምዕዋት ዓንቀጽ 39 ኣብ ቅዋሙ ከስፍር እንከሎ: ንክልል ትግራይ ብወትሃደራውን ቁጠባውን ብምሕያል: ሪፓብሊካዊት ሃገረ ትግራይ ንምምስራት ካብ ዘለዎ ጥሙሕ ኢዩ ሽርሕታቱ ኣብ ልዕሊ ሉኡላዊት ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ናይ ጽልኡ መሰረት ዘቐምጥ:: ነዚ ክውን ንምግባር ካብ ነዊሕ ዝወጠኖ ጉዳይ ከኣ: ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣፍ ደገ

ባሕሪ ክትውንን ኣለዋ ንዝብል ዕላማ ንምዕዋት፡ ዘይጻሕተሮ መደብ የለን!!! ብሕጂ ውን ዘይፍንቅሎ እምኒ የለን!!!

# ፍልሰት ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ

ፍልሰት ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ብዘለዉ ኢትዮጵያውያንን፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብዘለዉ ኤርትራውያን መኮንናትን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን፡ ስቪል ቤርገስ ሰባትን ዝርከብዎ ጉጅለን፡ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ደምሒትን ብዝካየድ ስሪሒትን፡ ናብ ውሽጣዊ ካዝናኦም ብዝኸፈል ገንዘብ ኢዩ ዝካየድ። ንሓደ ሰብ ናብ ኢትዮጵያ ንምስግጋር፡ ካብ ዓሰርተ ሽሕ፡ ክሳብ ዕስራ ሽሕ ብር፡ ብናቕፋ ከኣ፦ ካብ ሰላሳ ሽሕ ናቕፋ፡ ክሳብ ሱሳ ሽሕ ናቕፋ ከፊልካ ኢዩ ዝስገር። ነዚ ናይ ገንዘብ ክፍሊት ምስግጋር ከኣ፡ ብዱባይን ብክልል ትግራይ ኣብ ሽረ እንዳ ስላሴ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣቐሚጥዎ ብዘሎ ኣባል ድህንነት ክልል ትግራይ ዝኾነ፡ ኣግኣዚ ጎይትኦም ግርማይ ብዝተባህለ ሰብ፡ በዚ ዝስዕብ ስልኪ ቁጽሪ 00251911539786 ኢዩ እቲ ናይ ገንዘብ ክፍሊት ምስግጋር ዝፍጸም።

እዚ ማለት ግን፡ ካብ'ዚ ናይ ጠንቂ መስመር እዚ ወጻኢ ዝግበር ፍልሰት ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያ የለን ማለት ኣይኮነን። ገለ ነቲ ኩነታት መንገዲ ብጹኑዕ ዘጽንዑን ኣፍልጦ ናይቲ ከባቢ ዘለዎምን፡ ብዘይካ እዚ ውን ተሓባበርቲ ደቂ እቲ ኸባብን ሰበ ስልጣንን ዝረኸቡ 'ውን፡ ብዘይ ጸገም ዝሓልፉን ናብ ኢትዮጵያ ዝበጽሑን የለዉን ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፡ ስፍሓት ናይ'ቲ ፍልሰት ዝፈጠሮ ኣካይዳ በብሸነኹ ንምብራህ ስለ ዝተደልየ ጥራይ ኢዩ ብሰፊሑ ዝዝርዝር ዘሎ።

# ኤርትራውያን ድሕሪ ፍልሰቶም ናብ ኢትዮጵያ ኩነታቶም እንታይ ይመስል?

ሓደ ስደተኛ፡ ብዝኾነ ናይ ጉዕዞ መንገዲ ናብ ኢትዮጵያ ምስ ኣተወ ዝቕበልዎ ኣካላት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፦

1. ወትሃደራዊ ስለያ ኢትዮጵያ፦
2. ሃገራዊ ድሕንነት ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ናይ ክልል ትግራይ ናይ ድህንነት ክፍሊ፦
3. ተጸዋዒ ስደተኛታት ኢትዮጵያ ኣራ፡ (ARRA) Administration for Refugee Affairs:-

እቲ ኤርትራዊ ስደተኛ ዶብ ሰጊሩ ናብ ኢትዮጵያ ድሕሪ ምእታዉ ብቐዳማይ ደረጃ ዘዘራርቦ ኣካል እቲ ክፍሊ ወትሃደራዊ ስለያ ኮይኑ፡ ነቲ ስደተኛ ነዞን ዝስዕባ ሕቶታት ክምልሰን የቐምጠሉ።

**<u>ብክፍሊ ወትሃደራዊ ስለያ ዝቐርብ ሕቶታት፦</u>**

ሀ. ኣቋውማ ሰራዊት ኤርትራ፦
ለ. ብዝሒ ኣሃዱታት ሰራዊት ኤርትራ፦
ሐ. ዕጥቂ ሰራዊት ኤርትራ፦
መ. ሓድነትን ሰራዊት ኤርትራን፡ ኩነታት ኣሰላልፋኡን፦
ሰ. መራሕቲ ሰራዊት ኤርትራ፡ ካብ ደረጃ መራሕ መስርዕ ክሳብ ክፍለ ሰራዊት ዓዶምን፡ ኣውራጆኦምን፡ ኣወሃህባ ማዕርግ፡ ካብ ኮፕራል ክሳብ እቲ ዝለዓለ ጀነራል፡ ብኸመይ ይወሃብ? ዝበዝሑ ካበየናይ ዓድን ኣውራጃን ኢዮም ብዝርዝር?

ረ. ኣተሓሕዛ ዕርዲ ሰራዊት ኤርትራን: ስፍሓት ተመጢጥዎ ዘሎ ቦታታትን?
ሸ. ሰራዊት ኤርትራ ዘለዎ ዓቕሚ ወትሃደራዊ ስልትን: ዝወሰዶም ዘሎን: ዝወሰዶምን ወትሃደራዊ ታዕሊማትን ቴክኒካዊ ብቕዓቱን ተወፋይነቱን ሞራሉን? ወ.ዘ.ተ....

<u>ብሃገራዊ ድሕንነት ኢትዮጵያ ነቲ ስደተኛ ካብ ዝቐርበሉ ሕቶታት:-</u>
ሀ. ዝምድና ህዝብን መንግስትን: ምንቅስቓስ ሰበ ስልጣን ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ:-
ለ. መነባብሮ ህዝብን መረረኡን ሳዕቤናቱ ኣብ ቁጠባ ኤርትራን:-
ሐ. ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዝተፈጸሙ ሓደሽቲ ተርእዮታትን ገበናትን:-
መ. ኣብ ውሽጢ ኣውራጃን ብሄርን ወረዳን ዓድን ውልቀ ሰባትን ዘሎ ዝምድና እንታይ ይመስል? ህላዌ ሃይማኖታት ኤርትራን ሓድነተንን:-
ሰ. ውሽጣዊ ጸጥታ ህዝብን መንግስትን:-
ረ. ኩነታት ምሕደራን: ኣመሓደርትን ኣብያተ ፍርድን ሚኒስትርታትን ወሃብቲ ሲቪላዊ ኣገልግሎትን:-

## <u>ኣራን (ARRA) Administration for Refugee Affairs</u>
## <u>ስልጣኑ ኣብ ልዕሊ ስደተኛ ኤርትራ</u>

ተጸዋዒ ስደተኛታት ኢትዮጵያ ኣራ: (ARRA) Administration for Refugee Affairs ዝብል መጸውዒ ዘለዎ ኮይኑ: ንጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝከታተል ነጻ ኣካል ተባሂሉ ዝቖመ ኢዩ:: እቲ ሓቂ ግን: ኣራ ንኣቓውማኡ ብዝምልከት ዘሎ ሓበሬታ መጀመርያ ንምዝርዛር: ኣራ:- (ARRA) Administration for Refugee Affairs ምስ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብሓባር ንኽሰርሕ ተባሂሉ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቖመ ትካል ኮይኑ: ነቲ ትካል ዘቖሙ ኣካላት ቀንዲ ኸኣ: ናይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ቀንዲ ናይ ስለያ ኣባላት ኮይኖም: ኣባላት ናይ’ቲ ብማለሊት ዝፍለጥ ፍሉይ ሰልፊ ዝተዋጽኡ ኢዮም።

እዚ ትካል እዚ ኸኣ: ንቐንዲ ናይ ወያነ ረብሓ ብምቕዳም ኢዩ ዝሰርሕ:: ነቲ ኣቐዲሙ ብወትሃደራዊ ስለያ ኢትዮጵያን: ብሃገራዊ ድሕንነት ኢትዮጵያን: ብናይ ክልል ትግራይ ናይ ድሕንነት ክፍልን ዝተኣከበ ጸብጻባት ድሕሪ ምውካስ: ነቶም ሰባት ናብ ምምዳቦምን: በቲ ንሱ ዝመደቦም ከኣ: ጽጹይ ምክትታል ክግብረሎም ይውስን:: ነዚ ንምትግባር ከኣ: ነዚ ስራሕ ዘሳልጡ ብስም ኤርትራውያን ናይ ስደተኛ ካርድ ዘትሓዞም ጽቡቕ ምልከት ናይ ኤርትራዊ ላህጃ ቛንቛ ተዛረብቲ ሰባት ብምድላው: ኣብ ውሽጢ ስደተኛታት ይሰኽዓሎም:: ናይ ኣራ ስራሕ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራ ኸኣ: ከም መደብ ምስ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብሽርክነት ክሰርሕ ‘ኳ እንተኾነ: ኣራ ግን: ካብ’ዚ ወጻኢ ኢዩ ዝሰርሕ:: ንምብራሁ ዝኣክል ከኣ:-

ኣራ: ብሓደ ሃይለስላሴ ዝተባህለ ኣባል ማእከላይ ድህንነት ወያነ ኢዩ ዝመሓደር:: ኣብ ትሕቲ እዚ ሃይለስላሴ ከኣ: ነተን ብስም ኤርትራውያን ዝቖማ ኣርባዕተ መዓስከር ስደተኛታት ዘመሓድር: ኣብ ሽረ እንዳ ስላሴ ብዘቖመ ቤት ጽሕፈት ኣቶ ሓድሽ ዝተባህለ በዓል ስልጣን ኢዩ ዝመሓደር። ነፍስ ወከፍ መዓስከር ከኣ: ብሓደ ኣባል ስለያ ወያነ ብጉልባብ ኣራ ዝተዋህቦ መጸውዒ ሓላፍነት ኢያ ትመሓደር:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ናይ መዓስከር ስደተኛታት ማይ ዓይኒ ሓላፊ ኣባል ስለያ ወያነ ዝኾነ ኣቶ ተኪኤ ብዝበሃል ሰብ ኢያ ትመሓደር:: መዓስከር ስደተኛታት ዓድ ሓርሽ ‘ውን ብተመሳሳሊ ኣባል ስለያ ወያነ ኣቶ ገረመድህን (ገሬ) ኢያ እትመሓደር:: ናይ ሽመልባን ሓድሽ መዓስከርን ‘ውን: ዛጊት ኣስማቶም ዘይሓዝናዮም ኣመሓደርቲ ኣለዉወን::

ኣራ: ነቲ ናብ ኢትዮጵያ ዝፈለሰ ኤርትራዊ ስደተኛ: መጀመርያ ምሉእ ስሙን መንነቱን መቦቆል ትውልዲ ዓዱን ብዝርዝርን ብደቂቕን ብእንዳ ኣቦን ብእንዳ ኣደን ብኽልቲኡ ሸነኽ ማለት:- እነሓጎን ኣባሓጎን ብዝወሓደ ክሳብ ሰለስተ ወለዶ ድሕሪ ምጽራይ: ቤተ ሰብ ስደተኛ ኣበይ ይነብሩን? ኩነታቶምን? ብሰፊሕ ኣብ መዝገብ ኦርኒክ ድሕሪ ምስፋር: ነቲ ኤርትራዊ ስደተኛ ዋላ ምስ ደቂ ገዛውቱ ዝመጸ ውልቀ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ: ብሸነኽ እንዳ ኣደ ኣዝማድ ንዝኾኑ እሞ: ብሓባር ናብ ስደት ኢትዮጵያ ዝፈለሱ ኤርትራውያን ብምፍልላይ: ብብሄርን ኣውራጃን ክሳብ'ቲ ዝተሓተ ናይ እንዳ ደረጃ ብምውራድ ኢዩም: መደብ መዓስከር ስደተኛነትን መዕቆቢ ስፍራ ቤትን ዝህብዎ::

እቲ ብስም ኣራ ዝፍለጥ ትካል መንግስቲ ኢትዮጵያ: ከም'ዚ ዓይነት ኣወዳድባ ካብ ዝጥቀመሉ ቀንዲ ምኽንያት ሓደ: ብመሰረቱ ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝኸተሎን: ካብ ቀደም ኣትሒዙ ዝሓንጸጸ: ኣብ ዝቐርዓነን ዝኸሓነን ኣብ ጽልእን ቅርሕንትን ዝተሰረተ ስትራተጂካዊ ዕላማ ንምትግባር ካብ ዘለዎ ጥሙሕ ተበጊሱ: ወያነ ቀንዲ ናይ መፈላላዩ ኣጀንዳኡ ንምትግባርን: ኣብ'ቲ መዓስከር ስደተኛታት: ነቶም ዶባት ኤርትራ ሰጊሮም ዝመጽዎ ስደተኛታት: ብኸፋፍልን ኣብ ሓድ ሕዱ ብዝሳወር ናይ ጽልኢ ወፍሪ: እቲ ቀንዲ ሓድነት ኤርትራ ንምፍራስ ከም መደብ ዝጥቀመሉ መፈላለዩ መስርሕ ተኸቲሉ ዝመጸ ሳዕቤን ኢዩ ሎሚ: ኣብ'ቲ መዓስከር ኤርትራውያን ስደተኛታት ኪኖ ብኣባትርን ዱላን ምድብዳብ: ብኻራን ጎዞሞን ምቅትታልን ዝካየድ ዘሎ:: እዚ ኸኣ: እቲ ጠንቂ ወያነ ባዕሉ ብመንገዲ ኣራን ኣወዳድባ ኣራን ኣቢሉ: ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣተኣታትይዎ ዘሎ ምፍራስ ሓድነት ኤርትራን ህዝባን: ንቀጻሊ ዕላማ ወያነ ንምትግባርን ንምድኻም ኤርትራን ተባሂሉ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ኢዩ::

ኣራ: ነዚ ዕላማ እዚ ንምትግባር: ከም መደቡ ንምስላጥ ብዝምችእ ኣወዳድባ ክመርሖ ንስለ ዘለዎ ኢዩ ኸኣ: ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ ኤርትራውያን መዓስከር ስደተኛታት: ናይ ስደተኛ ካርድ ብመንገዲ ኣራ ዝተዓደሉ: መቦቆሎም ትግራዎት ዝኾኑ: ብመንገዲ ኣራን ድህንነት ክልል ትግራይ ወያነ ዝተሰርዑ ሰለይቲ: ኣብ'ቲ መዓስከር ስደተኛታት ከም ዝጸፍዩ ገይሩ ኢዩ:: ናብ'ቲ መዓስከር ስደተኛታት ናይ ምእታዎም መስርሕ ከኣ: ኣቐዲሙ ኣብ ከባቢ ዶባት ከም ዝምዝገቡ ብምግባር: ብስም ኤርትራውያን ተመዝጊቦም: ገለን ሕዱራት ናይቲ መዓስከር: ገለን ከኣ: ተንቀሳቐስቲ ናይ'ቲ መዓስከር ስደተኛታት ገይሩ ብምምዳብ ኢዩ ዘዋፍሮም:: ብዘይካ እዚኣቶም: ብግዳም ኮይኖም ኣብ'ቲ ከባቢ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራ ዝንቀሳቐሱን: ነቲ ኣብ ውሽጢ ስደተኛታት ንዝካየድ መስርሕ ዝቆጻጸሩ 'ውን ኣለዉዎም:: ብካልእ ኣዘራርባ: እተን ኣብ ዝተፈላለየ መዓስከራት ዝተደኮና መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን: ካብ ቀዋሚ ናይ ዓይንን ትዕዝብትን ጠመተን ክትትልን ስርዓት ወያነ ነጻ ዝኾና ኣይኮናን ጥራይ ዘይኮነ: ነተን መዓስከራት ብቐንዱ ወያነ ብሪሞት ኮንትሮል ኢያ ትቆጻጸሮ::

ኣራ: ነቲ መዓስከር ስደተኛታት ክድኩን እንከሎ: ብኽፍሊት ናይ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ማለት:- ብዶላር ኢዩ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝተደኮነ ኣርባዕተ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ንኸመሓድሮ: ካብ ማእከላይ መንግስቲ ኢትዮጵያን: ምምሕዳር ክልል ትግራይን ብኽራይ መልክዕ ተኾናቲርዎ ዘሎ:: እዚ ማለት ከኣ: ነቲ ናይ መዓስከር ክራይ ጥራይ:- ወርሓዊ ኣስታት $200000 (ክልተ ሚእቲ ሽሕ ዶላር): ንሓደ መዓስከር ናይ ዓመት ከኣ: $1.4 ሚልዮን (ሓደ ሚልዮንን ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ዶላር): ንናይ ኣርባዕቲኡ መዓስከር ከኣ: ዓመታዊ ብድምር $5.6 ሚልዮን (ሓሙሽተ ሚልዮንን ሽዱሽተ ሚእቲ ሽሕን ዶላር): ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ብመንገዲ

ማእከላይ መንግስቲ ምምሕዳር ኢትዮጵያ ቤት ጽሕፈት ኣራ ኣቢሉ: ናብ ምምሕዳር መንግስቲ ክልል ትግራይ ይኸፈል።

ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ምስ ዘሎ መንብሮ ናይ ኢትዮጵያ ብምዝማድ: ብመንገዲ ኣራ ኣቢሉ: ንሓደ ኤርትራዊ ስደተኛ ንመዓልቲ $5.00 (ሓሙሽተ ዶላር) ወጻኢ ክገብር እንከሎ: ኣራ ንመግብን ሃላኺ ነገራትን ማለት: ዘይትን: ዓደስን: ጸባን: ዘይተጣሕነ ስርናይን: ፊኖን: ፕሮቲንን ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዘካየዶ ናይ ረዲኤት ስራሕ: ካብ ለገስቲ ሃገራት ብዝረኸቦ ናይ ልግሲ ትሕዝቶ ኢዩ ዘከፋፍሎም። ኮይኑ ግን: ኣራ ነቲ ካብ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝረኸቦ: ናይ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ መዓልታዊ ክፍሊት ገንዘብ $ 5.00 (ሓሙሽተ ዶላር): ናብ ናይ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣታዊ ኢዩ ዝገብሮ: ከም ሳዕቤኑ ኸኣ: እቶም ስደተኛታት ኤርትራውያን ብጀካ እቲ ብዓይነት ዝረኸብዎ: ካልእ ብጥረ ገንዘብ ዝረኸብዎ ነገር የለን:: እቲ ገንዘብ ንተወሳኺ መግብን: ንኽዳንን መግዝኢ ተባሂሉ ኢዩ ዝሸንነሎም ነይሩ:: ካብ'ዚ ክፍሊት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብጠቕላላ ናይቶም ኣስታት 60 ሽሕ ዝበጽሑ ስደተኛታት ኤርትራ: ብድምር ኣስታት $300.000 (ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ዶላር) መዓልታዊ እትዋት ትረክብ ምምሕዳር ክልል ትግራይ::

ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ብመንገዲ UNDP ኣቢሉ ንሓደ ኤርትራዊ ስደተኛ ናይ ትምህርቲ ዕድል ንኽረክብ ብማለት: ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዝገበሮ ውዕል መሰረት: ናብ ናይ ዩኒቨርስቲ መእተዊ ነጥቢ ዝረኸበ ኤርትራዊ ስደተኛ: ናይ ትምህርቲ ዕድል ንኽረክብ ብማለት: ንሓደ ናብ ዩኒቨርስቲ ንኽመሃር ዘምረሐ ስደተኛ ኤርትራዊ: UNDP ንሓደ ተማሃራይ: ንመምሃሪኡን: ነቲ ኣብ ካምፓስ ናይቲ ዩኒቨርስቲ ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ምስ ኣተወ ንዝግልገለሉ: ናይ መግብን: መንብሮን: ሕክምናን: መምሃሪ ናውትን ንኽማላኣሉ ንሓደ ሰብ ብሕሳብ $29.000 (ዕስራን ትሽዓተን ሽሕ ዶላር) ክፈሊት ንኽመሃር ነቲ ባይታ ንኽጣጣሓሉ ብማለት: ብመንገዲ ኣራ ኣቢሉ ክፍሊቱ የቕርብ።

እቲ ናይ ኤርትራውያን ናይ ትምህርቲ ዕድል: ዋላ 'ኳ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝካየድ እንተኾነ: ብምምሕዳር ክልል ትግራይ ተመዚኑ ዝተፈቕደ ኢዩ ብማለት: እቲ ብመንገዲ UNDP ዝግበር ክፈሊት: ብመንገዲ ኣራ ኣቢሉ እቲ እትዋት ክፈሊት ናይ ተማሃራይ ንምምሕዳር ክልል ትግራይ ኢዩ ዝወሃብ:: እዚ ማለት ከኣ: ነቶም ናይ ትምህርቲ ዕድል ተዋሂብዎም ተባሂሉ ናይ ዝተነግረሎም ኣስታት 200 ዝበጽሑ ኤርትራውያን ስደተኛታት: መንግስቲ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ምምሕዳር ክልል ትግራይ: ካብ UNDP ብድምር $5.8 ሚልዮን (ሓሙሽተ ሚልዮንን ሸሞንተ ሚእቲ ሽሕን ዶላር) ክፈሊት ኢዩ ረኺቡ ምምሕዳር ክልል ትግራይ:: እቲ ቐንዲ መኸሰብ ናይ'ቲ ጉዳይ: መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘይኮነስ: ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኢዩ ዝረብሓሉ::

እቶም በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ስምምዕ መሰረት: ነቲ ማህደረ ትምህርቲ ረኺቦም ዝተባህሉ ኤርትራውያን ስደተኛታት 'ውን እንተኮነ: ድሒሩ ከም ዝተነጸረ: ወያነ በቲ ኣብ'ታ ሃገር ውዱቕ ዝኾነ ካሪኩለም ገይሩ ስለ ዝመሃሮም። ትምህርቶም ወዲኦም ምስ ተባህሉ: ክሕዝዎ ዝግባእ ዝነበረ ሰርትፍኬት: ኣሽምባይዶ ኣብ ካልእ ሃገር ሒዞሞ ክሰርሕሉስ ይትረፍ: በቲ ነቲ ትምህርቲ ዕድል ከፊቶ ኣስተምሂረዮም ኢየ ኢሉ: ውሃ! ዘበለ ድግስ ኣካይዱ: ብናይ ሓሶት ተስፋ ዘመረቖም ወያነ ከይተረፈ: እቲ ዝተዋህቦም ሰርትፍኬት ሕጋውነት ከም ዘይብሉ ተገሊጹሎም ኣብ ዘለወሉ እዋን: ወያነ ንመፈስን ሞራልን መንእሰያት ኤርትራን: ንኽብርን ለኡላውነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ

ንምርማስ ካብ ዝተጠቕመሉ ሕሱር ስራሕ ኢዩ ነይሩ:: እዚ ኸኣ: እቶም ኣብ'ቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ተዋሂብዎም ነይሩ ዝተባህሉ ስደተኛታት ኤርትራውያን ባዕሎም ይገልጽዎ ኣለዉ:: እቲ ሓቂ ካብ ዝወዓሉ ሰብ ልሳን ንምርካብ ዝከኣል ይመስለና::

ኣራ: ብዘይካ እዚ ምስ ስድረኦም ንዘለዉ ህጻናት ትሕቲ ዕድመ ማለት: ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ንዝዕድሚኦም ብደረጃታት ብዝመቓቐል ናይ ክፍሊት ኣገባብ ማለት: ካብ ህጻን ክሳብ 7 ዓመት ንመዓልቲ ብሕሳብ $6.00 (ሽዱሽተ ዶላር) ወጻኢ ክገብር እንከሎ: ነቶም ስድራ ቤት ዘይብሎም ከኣ: ምስ ናይ መናበዩ ኣለይቶም ዝሽፍን ክፊሊት ንመዓልቲ ብሕሳብ $12.00 (ዓሰርተ ክልተ ዶላር): ናይቲ ህጻንን ኣላዩኡን ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ብመንገዲ UNICEF ኣቢሉ ወጻኢ ክገብር እንከሎ: እዚ ወጻኢታት እዚ 'ውን ብተመሳሳሊ ናብ እጆታ ስደተኛታት ከይበጽሐ: ናብ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኢዩ ኣታዊ ዝኸውን::

ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ምስ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና WHO ብዘለዎ ናይ ስራሕ ሽርክነት ምርኩስ ብምግባር: ምስ International aids vaccine Initiative (IAVI) ብምትሕብባር: ነቲ ኣብ ውሽጢ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዘሎ ናይ aids ለበዳ ንምክልኻል: ምስ ናይ ኢትዮጵያ ሚኒስትሪ ጥዕና Ethiopia National AIDS Resource Center (ENARC) ብምውህሃድ: ካብ'ቶም (ኣብ ዓለም ዝተዘርግሑ 12 ዓይነታት መድሃኒት ብፍላይ: ናይ'ቶም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ልሙዳት ዝኾኑ ዓይነታት ናይ ኤይድስ ቫይርስ ዘለዉ ሲዲፎር መድሃኒታት): ናብ ግዳያት ንምብጻሕ መደባት ሒዙ ክሰርሕ እንከሎ: ናይ'ዚ ጉዳይ ተጠቃሚ ግን: ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ መዓስከራት ኢትዮጵያ ዘለው ዘይኮኑስ: ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኢዩ እቲ ዘድሊ መድሃኒት ዝያዳ ንትግራዎት ዝዕድሎ::

ኣራ: ባዕሉ ካብ ትካል ስለያ ድህንነት ወያነ ክልል ትግራይ: ኣብ ትሕቲኡ ኮይኖም ዝሰርሑ ናይ ፕሮተክሽንን ረስትልመንት ኦፊሰራት ብምቑጻር: ናይ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ስደተኛ መዝገብ ፋይል ታሪኽ ብዝርዝር ብምሓዝ: ነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ከም ስደተኛ ኮይኖም ንኽነብሩ ሪጀክት ተባሂሎም ዝተነጽጉ ሰባት: እዚ ማለት: ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ንኽነብሩ ውሕስነት የብሎምን ናይ ዝተባህሉ ስደተኛታት: ናብ ብውሕስነት ክነብሩለን ዝኽእሉ ሳልሳይ ሃገር ንኽሰግሩ ብማለት: ምስ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምሽራኽ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን: ጉዳዮም ተጻርዩ ብመሰረት ዘቕረብዎ ናይ ስደተኛነት ጉዳይ ታሪኽ: እቶም ናብ ሳልሳይ ሃገር ክሰግሩ ዝግበኦም ኤርትራውያን ብውሑድ ቁጽሪ ከሳልጠሎም እንከሎ: እቲ ብስም ኤርትራውያን ዝተዳለወ ናይ ስደተኛ ታሪኽ ፋይል: ብስም ኤርትራውያን: ተወላዶ ትግራይ ዝኾኑ ትግራዎት ኢዮም ካብ ክልል ምምሕዳር ትግራይ ዝኸድሉ:: ናይ'ዚ ኣብነት ከኣ: ናይ'ቶም ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ሃገረ ካናዳን: ኣውስትራልያን: ኤውሮጳን ብስም ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝፈለሱ ትግራዎት ቁጽሪ ንምፍላጡ: ዘሸግር ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ክግለጽ ዝጸንሐ ናይ ኣደባባይ ሚስጢር ኢዩ::

እቶም ጉዳይና ብመንገዲ ኣራ ተታሒዙ: ብላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተቐባልነት ረኺቡ: ናብ ውሑስ 3ይ ሃገር ክንሰግር ኢና ኢሎም ክጽበዩ ዝጸንሑ: ኣብ'ቲ መዓስከር ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት: ንጉዳዮም ኣመልኪቶም ናብ ኣራ ሕቶታቶም ኣብ ዝቐርብሉ እዋን: ብወገኑ ኣራ: ነቲ ጉዳዮም ኣቐዲሙ ንዘይምልከቶም ሰባት ብገንዘብ ብምሻጥን: ንትግራዎት ኣሕሊፉ ብምሃብ: ናብ 3ይ ሃገር ስለ ዘሰጋገረሉ: ኮር ተገልበጥ ኮይኑ: ኣራ ነቶም ሰብ ጉዳይ ምስናይ ምጉብዕባዑ: ንስኻ/ኺ ድኣ በቲ ፋይልካ/ኪ ናብ ወጻኢ ሃገር ከም ዝኸድካ ኢና ንፈልጥ

ብማለት ኢዮም ዘባሩርዎም። ነዚ ጉዳይ እዚ ብዝምልከት: ኤርትራውያን ኩልና ንዝምልከቶ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ሰነዳትና ብምቕራብ: ጉዳይ ናይ ስደተኛታት ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ኣተሓሕዘኦምን ኩነታቶምን ክምርመረልና: ሓባራዊ ጥርዓን እንተነቕርብ ዝበለጸ ምኾነ ንብል::

ናይ'ዚ ውጺኢት ኢዩ ኸኣ: እቶም ስደተኛታት ጉዳዮም ተመዝሒቑ ብምስራቑ: ኣብ ክንደኦም ካልእ ሰብ ተመዝጊቡ ከም ዝኸደሉ ምስ ተዓዘቡ: ከም ሳዕቤን ዝጽበይዎ ዝነበሩ ተስፋ ምስ ተረኽሞሾም: ከም ኣማራጺ ዝወስድዎ ስጉምቲ እንተነይሩ: ነቲ መዓስከር ስደተኛታት ራሕሪሖም: ብመንገዲ እቶም ኣሰጋገርቲ ኣቢሎም ካብ መዓስከር ስደተኛታት ኢትዮጵያ: ናብ ሱዳን ብምስጋር ኢዮም መደባቶም ብኻልእ መልክዕ ከተግብሩ ዝሕልኑ:: ናይ'ዚ ውጺኢት ኢዩ ኸኣ: ገለ ካብ'ዞም ኣብ ላምፓዱዛ: ብዕለት 03-10-2013 ዝሃለቑ ኣስታት ልዕሊ 350 ኤርትራውያን ዜጋታትና: ዝበዝሑ ካብኦም: ካብ መዓስከር ስደተኛታት ኢትዮጵያ ዝተበገሱ ምኻኖም ዘነጽሮ ነገር እንተሃልዩ: ኣራ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝህልዎ ኣተሓሕዛ: ክሳብ ክንደይ ኣዝዩ ኣሰቃቒ ምኻኑ ኢዩ ዘረጋግጸልና::

ወያነ ብጀካ እቲ ምስ ኤርትራ ዘካይዶ ወትሃደራዊ ኩናት: ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዘካይዶ: ኪኖ ናይ ስነ ኣእምሮ ኩናት: ሓደ ስዉር ኩናት ዝስመ መጥቃዕቲ ካብ ዘካይድ ሒደት ዓመታት ኣይገበረን:: ንሱ ኸኣ: ነቲ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝፈለሰ ስደተኛ: ብመንገዲ ኣራ ኣቢሉ ንዝወሃቦ ናይ ረስትልመንት ዕድል ብዘይውልውል ክረክብ እንተኾይኑ: ኣራ ዘዳለወሉ: ነቲ ኤርትራዊ ወዲ ተባዕታይ: ትግራወይቲ ጓል ኣንስተይቲ: ነታ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ኸኣ: ትግራዋይ ወዲ ተባዕታይ ብምቕራብ: ብመንገዲ መውስቦ ትግራዎት ሒዞም ናብ ወጻኢ ሃገር ንኽከዱ ዘገድድዎም ኣለዉ:: በዚ መንጽር ከኣ: እቲ ናይ ዘርእን ትውልድን ምትሕንፋጽ ከም ዝዓብን: እቲ ልሉይ ሃገራዊ ኤርትራዊ መንነት ከምዝቕተልን: ነታ እትሕለም ንትግራይ ዝጸንበረት ዓሰባዊት ወደብ ዝወነነት ትግራይ ንምጥጣሕ: ሓደ ባብ ንምኽፋት ተባሂሉ ዝግበር ስዉር ስትራተጂ ምኻኑ ክፍለጥ ካብ ዝተኻእለ ውዲት ወያነ ኢዩ::

ወያነ: ነቲ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፍልሰት ናብ ኢትዮጵያ: ከም ቀንዲ ንፖለቲካዊ ጥሙሓቱ መጋበርያ ክጥቀመሉ ብምውሳን: ካብ'ቶም ኣብ ውሽጢ መዓስከር ስደተኛታት ዝቖጸሮም መጋበርያ ዝኾንዎ ሰለይቲ እምነት ዘሕደረሎም ለልዩ ብምውጻእ: ኣብ ወጻኢ ሃገር ብዓሳብነት ብምቕጻር ንኽሰርሕሉ ብማለት: ብዘይ ታሪኾም: ታሪኽ ናይ ሰብ ኣላቢሱ: ብመንገዲ ኣራ ኣቢሉ ከም ተራ ንጹሃት ስደተኛታት ኮይኖም: ናብ 3ይቲ ሃገር ከም ዝሰግሩ ንምግባር: ምስ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምትሕብባር የሰጋግር::

ንዕላማታት ወያነ ንምትግባር ዝሰርሑን ዝጽዕቱን ኣባላት ኤርትራውያን ውድባት 'ውን: ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት ፍሉይ ሓለፋ ኢዩ ዝግበረሎም:: በዚ ዝግበረሎም ፍሉይ ሓለፋ መሰረት ከኣ: ዝተሓየበ ረስትልመንት ተዋሂቡዎም ናብ 3ይ ሃገር ምስ ሰገሩ: ብጉልባብ ኣባልነት ውድባት ንውድባቶም ዝከላኸሉን ዝቃለሱን እናመሰሉ: በቲ ናይ ኤርትራውያን ውድባት ሽም ተሓቢኦም: ዝያዳ ንእከይ ተግባራት ወያነ እናተኸላኸሉ: ንዕላማታት ወያነ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ንምስራጽን ከም ቅቡል ንምውህሃድን ይሰርሑ:: እዚኣቶም ከኣ: ዝበዝሑ ኣብ ካናዳን: ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ኢዮም ኣትዮም ዘለዉ። ነዚ መስርሕ እዚ ኣመልኪቱ ኢዩ ኸኣ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ስብሓት ነጋ: "ንዕላማታትና ናብ መንእሰያት ኤርትራ ነስርጽ ኣለና:: ደሞክራሲ ኸኣ ዱብ ስለ ዘይብሉ: ህዝቢ ኤርትራ ናትና ኢዩ:: ንሕና ኸኣ: ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኢና::" ክብል ከይሓፈረ ዝተዛረበ::

# መስርሕ ምስግጋር ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያን ጭውያ ኤርትራውያን ካብ መዓስከራት ስደተኛታት ኢትዮጵያ

ኣራ: ብጀካ እቲ ናብ ኢትዮጵያ ዝፈልሱ ኤርትራውያን ስደተኛታት ንኣከናውነኦም ዝምልከት ምሕደራ ወጻኢ: ካብ ኤርትራ ኣብ ናይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ፍልሰት ሰባት Human Traffiking ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ብንጥፈት ካብ ዝሰርሓሉ ጉዳይ ሓደ ኮይኑ: ንኤርትራ ካብ ምንጪ ዓቕሚ ጉልበት ሓይሊ መንእሰያታ ንምድኻምን ንምልማስን ካብ ዝሰርሓሉ ጉዳይ ሓደ ኮይኑ: ብኸም'ዚ መልክዕ ከኣ ነቲ ስራሕ የሰላስሎ::

ናይ'ተን ብስም መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝጽዋዓ ኣርባዕተ መዓስከራት: ኣመሓዳሪ ኣባል ስለያ ድህንነት ወያነ ዝኾነ በዓል ስልጣን ሓድሽ ብዝተባህለ ሰብ ዝምርሓ ኮይነን: ናይ ሓድሽ ቤት ጽሕፈት ኣብ ሽረ እንዳስላሴ ኢዩ ዝርከብ::

ላዕለዋይ ሓላፊ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ ኣቶ ሓድሽ: ብመንገዲ ናይ'ቶም ኣብ ትሕቲኡ ዝመሓደሩ ሓለፍቲ መዓስከራት ኣቢሉ: ማለት: ናይ መዓስከር ማይ ዓይኒ ኣመሓዳሪ ኣቶ ተኪኤ: ናይ መዓስከር ዓዲ ሓርሽ ኣመሓዳሪ ኣቶ ገረመድህን (ገሬ)ን ኣቢሉ ይበኞዑ ኢዮም ዝተባህሉ ዝተመልመሉ ሰባት ይመዝዝ:: እዞም ተመዚዞም ዝወጹ ኤርትራውያን ስደተኛታት: ካብ ሓላፊ ናይ'ዘን ኣርባዕተ መዓስከራት ዝኾነ ኣቶ ሓድሽ ዕላዊ ናይ ስራሕ መንቀሳቐሲ ወረቐት ከም ዝወሃቦም ተገይሩ: ካብን ናብን ከም ዝንቀሳቐሱ ይግበር:: በዚ ናይ ምንቅስቓስ ጉልባብ ተመስጢሮም ከኣ: ዶባት ኤርትራ ሰሊኾም ከም ዝኣትዉ ይግበር::

እዞም ጥሉል ኣፍልጦ ናይ ቦታ ዘለዎ ሰባት: ናብ ውሽጢ ኤርትራ ቅድሚ ምስላኾም: ላዕለዋይ ሓላፊ ኣርባዕተ መዓስከር ስደተኛታት ዝኾነ ኣቶ ሓድሽ: ኣብ ግዳም ወጻኢ ሃገራት ምዕራብን: ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካን: ኣውስትራልያን ብዝቕመጡ ኣባላት ውድባት ኤርትራ ዝኾኑ ውልቀ ሰባት ብዝግበር ናይ ምምጻእ ማለት: ድለላ ስራሕ ካብ ኤርትራ ስግረ ዶብ ክወጹ ንዝደልዩ ሰባት ብምርኻብ: ኣድራሻኦምን: ናይ ተለፎን ቁጽሮምን ኣብ ኤርትራ: ናብ ኣቶ ሓድሽ ከም ዝወሃብ ይግበር::

ኣብ'ዚ ናይ ምቅብባል ሓበሬታ: እቶም ከም ደለልቲ: ወይ ኣማጻእቲ ኮይኖም ዝሰርሑ: ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝቕመጡ ዘለዉ ኣባላት ውድባት ተቓዉሞ ኤርትራ: ናቶም ብጺሒት ገንዘብ ካብ'ቶም ስገረ ዶብ ዝወጹ ሰባት ብመንገዲ ኣቶ ሓዲሽ ኣቢሉ ኢዩ ዝኽፈሎም:: እቲ ጉዳይ ከም'ዚ ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: እቶም ብሓላፊ ናይ ኣርባዕተ መዓስከር ስደተኛታት ኣቶ ሓድሽ: ካብ ኤርትራ ናብ ስገረ ዶብ ክመጹ ናይ ዝደልዩ ዝርዝር (ሊስት) ሽም ኣስማት ምስ ተረከበ: በቶም ኣቐዲሞም ዝተመልመሉን: ብፋሉይ ንኽንቀሳቐሱን ተባሂሎም ነጻ መንቀሳቐሲ ወረቐት ዝተዋህቦም: ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣስገርቲ ሰብ ኣቢሉ ነቲ ስራሕ የካይዶ።

ኣብ መስርሕ ምስግጋር ስግረ ዶብ ከኣ: ነፍስ ወከፍ ናብ ኢትዮጵያ ዝሰግር ሰብ: ኣብ ቅርበትን ርሕቀትን ናይ'ቲ ዝሰግረሉ ቦታ ብዝውሰን ናይ ገንዘብ ክፌሊት ኢዩ ዝኸፍል:: እቲ ዝለዓለ ዝኽፈል ገንዘብ ከኣ ኣስታት $5.000 (ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ) ይበጽሕ:: እዚ ክፌሊት እዚ ኸኣ: ክሳብ መዓስከር ስደተኛታት ጥራይ ዘብጽሕ ኢዩ።

እቶም ካብ’ዚ ንላዕሊ ዝኸፍሉ ዕንትር ዝበለ ገንዘብ ዘለዎም ሰባት ከኣ: ብጀካ እቲ ንስግረ ዶብ ዝኸፍልዎ: ንኹሉ ክሳብ ናብ ወጻኢ ዘስግሮም መስርሕ ኣስታት ክሳብ $25.000 (ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ) ከፊሎም: ናብ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ ገጾም ከይተቐልቀሉ: ዘድሊ መገሺ ሰነድ ፓስፖርትን ዶክመንትን ተዳልዩሎም: ብቐጥታ ናብ ኣዲስ ኣበባ ሓሊፎም: ብመንገዲ መዕርፎ ነፈርቲ ቦሌ ኣቢሎም ናብ ዝተዳለወሎም ሃገራት ምዕራብ ከም ዝሰግሩ ይግበር::

ኣብ መስርሕ ናይ’ዚ ናይ ስግረ ዶብ ስራሕ እዚ: ምስ ኣቶ ሓድሽ ኮይኖም ዝተሓባበሩ: ብፍላይ ናይተን ክልተ መዓስከራት ኣመሓደርቲ ዝኾኑ: ኣመሓዳሪ መዓስከር ማይ ዓይኒ ኣቶ ተኪኤን: ኣመሓዳሪ መዓስከር ዓዲ ሓርሽ ኣቶ ገረመድህን (ገሬ)ን ‘ኳ እንተኾኑ: ብዘይካ እዚኣቶም ካብ ቀንዲ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኣባላት ጸጥታ ድሕነት ክልል ትግራይ ዝኾኑ ሰባት ኣለዉዎም:: እዞም ኩሎም እዚኣቶም ከኣ: ብዋጋ ናይ’ቲ ምስግጋር ዶብ ፍልሰት ሰባት ስግረ ዶብን: ህላዌ ኩነት መንብሮ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራን: መህጠሪ ጁባታቶምን: መኻዕበቲ ሃብቲ መንብረኦምን ኮይኑዎም: ሕቡእ ሕዛእቲ ረኺቦምሉ ኣብ ዘለዉ ወቕቲ: እቲ ፍጻሜ መሐየሊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ጥራይ ዘይኮነ: ኪኖ እዚ ናይ ውልቀ ረብሓኦም ንምድኻምን ምልማስን ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ‘ውን ካብ ዝሰርሕሉ እከይ ስርሓት ኢዩ:: ስለ ዝኾነ ከኣ: ኣብ እዋኑ ኣስማቶም ሒዝናዮም ዘለና ክፉል ተሓባበርቶም ከኣ: ኮሎኔል ንጉሰ ዝተባህለ ናይ ዞባ ማእከል ክልል ትግራይ ማእከላይ እዚ ሰራዊት ኣዛዚ ኢዩ::

ኮሎኔል ንጉሰ: ናይ ዞባ ማእከል ክልል ትግራይ ማእከላይ እዚ ሰራዊት ኣዛዚ ኮይኑ: ኣብ’ቲ ከባቢ ናይ ዝካየድ ምንቅስቓስ ቀንዲ ተሓታቲ ሓላፊ ኢዩ:: ኮሎኔል ንጉሰ ነቲ ኣብ ክሊ እዙ ዝርከብ ምንቅስቓስ ስለ ዝቆጻጸሮ: ሓላፊ ናይ ኣርባዕተ መዓስከር ስደተኛታት ነቲ ንሱ ዝህቦ ናይ መንቀሳቐሲ ወረቐት ብተግባር ክሰርሕ እንተኾይኑ: ኮሎኔል ንጉሰ ብጺሒቱ ክኸፎሎ ነይሩዎ:: ክፊሊቱ ክረክብ እንተኾይኑ ሽኣ: ነቲ ዝግበር ምንቅስቓስ ናይቶም ካብ መዓስከር ሰደተኛታት ብሓላፊ ናይ ኣርባዕተ መዓስከር ስደተኛታት ዝተመዘዙ ናይ ስግረ ዶብ ኣሰጋገርቲ ገበነኛታት: ብዘይ ጸገም ዝንቀሳቐስሉ ኩነት ክምድምድ ነይሩዎ::

ብዘይካ እዚ ልኡል ዝተባህለ ተጋዳላይ ናይ ወያነ ዝነበረን: ኣባል ድህንነት ማእከላይ እዚ ክልል ትግራይ: ኣብ’ቲ ጉዳይ ካብ ኤርትራ ዝግበር ወፍሪ ስግረ ዶብ ፍልሰት ኤርትራውያን: ካብቶም ብንጥፈት ዝሰርሑ ዘለዉ ኮይኑ: ነቲ ናይ ስለያ መስርሕ ብምውህሃድን ጸጥታዊ ዞርቂ ከይርከብ ጽኑዕ ምክትታል ብምግባር: ነቲ መስርሕ ስግረ ዶብ የወሃህድ::

ሻለቃ ሰሎሞን: ኣብ ራማ ዝመደበሩ ኣባል ድህንነት ኮይኑ: ነቲ ዝግበር ስግረ ዶብ ብፍላይ ከኣ: ኣብ ውሽጢ ክልል ትግራይን: ካብ’ቲ ክልል ወጻእን: ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ብሓላፍነት ዝከታተል ኮይኑ: እቶም ኣብ ምስግጋር ፍልሰት ኤርትራውያን ዝነጥፉ ዘለዉ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ዝመጹ ኣሰጋገርቲ ገበነኛታት: ኣብ ሓደጋ ንኸይወድቁ ይከታተል:: ይኹን ድኣ ‘ምበር: እዞም ብሓባር ክሰርሑ ተባሂሎም ዝተምደቡ ሰባት: ነቲ ናይ ስግረ ዶብ ጉዳይ ከም ምንጪ ውልቀ እትዋት መህጠሪ ናብሮኦም ስለ ዝወሰዱዎ: ካብ’ቲ ናይ ሕብረት ዘካይድዎ ስግረ ዶብ ስራሕ በብውልቆም ብዘካይዱዎ ናይ ስግረ ዶብ ወፍሪ ‘ውን ኣብ ሕንፍሽፍሽ ኣትዮም ኢዮም::

ስለ ዝኾነ ኢዩ ሽኣ: ሻለቃ ሰሎሞን ዝተባህለ ሰብ ኣብ ራማ ኣብ እትርከብ ሆቴል: ንሓደ ኤርትራዊ ህይወቱ ዘሕለፈ:: እቲ ምኽንያት ሞት ዝኾነ ሳዕቤን ከኣ: ካብ ኤርትራ ኣብ ዝግበር ስግረ ዶብን: ካብ መዓስከር ስደተኛታት ኢትዮጵያ ማለት ካብ ኣርባዕቲኡ

መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝካየድ ጭውያ: ቀንዲ ፈጸምቱ ሰበ ስልጣን ወያነኳ እንተኾኑ: ኣብ ምትግባሩ ተሓባበርቶም ከኣ: ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ኢዮም:: ኣብ መጀመርታ 2007 እቲ ናይ ምስግጋር መስርሕ ክጅመር እንከሎ: ነቲ ዘድልዮም መንቀሳቐሲ ወረቐት ፍቓድ: ካብ'ተን ናይ ኣርባዕተ መዓስከራት ስደተኛታት ኤርትራውያን ሓላፊ ኣብ ሽረ እንዳስላሴ ቤት ጽሕፈት ተዋሂቡዎ ዘካይዶ ኣቶ ሓድሽ ዝተባህለ ምኳኑ ልዕል ክብል ዝተሓበረኳ እንተኾነ: እቲ ቐንዲ ምኽንያት ናይ'ቲ ምሕላፍ ህይወት ከኣ: ናይ ገንዘብ ምምቃል ዘስዓቦ ኩነት ኢዩ ነይሩ:: ክልቲኦም መዋቲ ኣለምሰገድ ኣብርሃምን: ቀታሊ ኣባል ድህንነት ክልል ትግራይ ሻለቃ ሰሎሞንን: ብሓባር ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ስግረ ዶብ ኤርትራውያን ብገንዘብ የሰጋግሩ ስለ ዝነበሩ: ኣብ መወዳእታ ብምቂሊት ኣይተሰማምዑን:: ብሓባር ኣብ'ቲ ሆቴል እንከለዉ ኸኣ: ኤርትራዊ ኣለምሰገድ ኣብርሃም ይመዉት:: ኣብ ዝተኻየደ መርመራ ኸኣ: መዋቲ ኣለምሰገድ ኣብርሃም ተሓኒቑ ሞይቱ ብዝብል ምስምስ: ኣብ'ቲ ሆተል ተቐቲሉ ጸኒሑ:: ኣብ ውሽጢ ሆቴል ሰብ ብሙማቱ: ከም ሳዕቤን ናይ'ቲ ሞት: ኣብ መወዳእታ ሻለቃ ሰሎሞን ብምጥፍፉእ ተኸሲሱ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ 'ኳ እንተኣተወ: በቲ ናይ ሞት ኤርትራዊ ሳዕቤን ከኣ: ንሓጺር እዋን ተቐይዱ ብነጻ ክልቀኽ ኪኢሉ ኢዩ::

ኣብ'ዚ ካብ ኤርትራ ዝግበር ናይ ስግረ ዶብ ፍልሰት ስደተኛታት ኤርትራውያን: ኣብ ንጡፍ ስራሕ እንከለዉ ብህግደፍ ዝተታሕዙ ሰባት ነይሮም ኢዮም:: እዞም ሰባት እዚኣቶም ካብ መዓስከር ስደተኛታት ተበጊሶም: ብሰበ ስልጣን ኣዘዝቲ ሰራዊትን: ሓለፍቲ ጸጥታን ክልል ትግራይ ብዝግበረሎም ምትሕብባር: ንዶባት ኤርትራ ሰሊኾም ብምሕላፍ: ንኤርትራውያን ዜጋታት ስግረ ዶብ ከስግሩ ዝተታሕዙ ኢዮም:: ገለ ካብ'ዞም ዝተታሕዙ 'ውን: ደጊሞም ካብ ቀይዲ ስርዓት ህግደፍ ኣምሊጦም ናብ ኢትዮጵያ ድሕሪ ምምላሶም: ብሰበ ስልጣን ምምሕዳር ክልል ሓለፉ ተገይሩሎም ናብ 3ይ ሃገር ዝሰገሩን: ካብ መዓስከር ስደተኛታት ክልል ትግራይ ብዝሓረይዎ መንገዲ ናብ ካልእ ሃገር ዝሰገሩን: ኣብ ምስግጋር ዘለዉን ሰባት ኣለዉ::

ብሰሪ እዚ ሳዕቤን ፍጻሜ ስግረ ዶብ ዝርከብ ህጣራ እትዋት ዘምጽኦ ምጥምማት: ኣብ ሞንጎ ድህንነት ክልል ትግራይን: ኣብ ክልል ትግራይ ዓስኪሩ ዘሎ ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያን ብዝተፈጥረ ምስሕሓብ ከኣ: እዚ ጉዳይ ዓቢ ግርጭት ድሕሪ ምፍጣሩ: ናይ'ዚ ጉዳይ ሳዕቤን ከም መፍትሒ ዝተወስደ ጉዳይ እንተነይሩ ኸኣ: እቲ ምንጪ እትዋት ጥራይ ዘይኮነ: ቀንዲ ስትራተጂ ስርዓት ወያነ ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ምፍራስን ምብራስን ምንጪ ጉልበት መንእሰያት ኤርትራ ዝፈጥሮ ዝዓበየ ዕንወት ተግባራዊ ክኸውን ስለ ዝነበሮ ኢዩ ኸኣ: ብጉልባብ ኣባላት ውድባት ክስራሓሉ ዝተመደበ::

ኣብ'ዚ ናይ ስግረ ዶብ መንእሰያት ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያን: ፍልሰት መንእሰያት ምስግጋር ኤርትራውያን ናብ ሱዳን ሽገራብ: ከም ቀንዲ ተዋሳኢቲ ኮይኖም ዝሰርሑ ዘለዉ ናይ ኤርትራ ተቓወምቲ ውድባት ተባሂሎም ዝጽውዑ ቀንዲ ተሓባበርቲ: ብደረጃ ውድባት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም:-

1. ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ:-
2. ሳግም:-
3. ምደፍኤ ኢዮም:-

- ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ: ኣብ'ዚ ስራሕ ምስግጋር ስደተኛታት ኤርትራውያን ካብ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ኢትዮጵያ: ካብ ዓመተ 2007 ጀሚሮም ኢዮም ክነጥፉ ጀሚሮም:: ኣብ'ዚ ካብ ማይ ዓይንን ዓድ

ሓርሽን ዝግበር ናይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር Human Tiraffiking ተግባር: ብቐንዲ ናይ'ቲ ብስም ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ዝፍለጥ ኤርትራዊ ውድብ ዝምራሕ': ወትሃደራዊ ኣዛዚ ናይ'ቲ ውድብ ዝኾነ ጃብር ያስማን ብዝተባህለ ሰብን: ናይ ምዕራባዊ ግምባር ወትሃደራዊ ኣዛዚ ናይ'ቲ ውድብ ጠዓመ ብዝተባህለን ኢዩ ዝፍጸም:: እዞም ሰባት እዚኣቶም: ነቶም ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ናብ ሱዳን ዘስግርዎም ሰባት ቅድሚ ምብጋሶም; ካብ ሓላፊ መዓስከር ናይ ኣርባዕተ ስደተኛታት ዝኾነ ኣቶ ሓድሽ መንቀሳቐሲ ወረቐት ከውጽእሎም እንከለዉ: ከም ኣባል ውድባቶም ኮይኖም ንኽረኣዩ ኸኣ: ናይ ኣባልነት ካርድ ይህቡዎም:: በዚ መሰረት ከኣ: ሓደ ሰብ ክሳብ ሱዳን ንኽብጽሕዎ: ኣስታት ካብ 4 ክሳብ 6 ሽሕ ብር የኽፍልዎ:: በዚ ጉዕዞ እዚ ኸኣ ኢዮም ግምባር ሃገራዊ ድሕነት: ብጉልባብ ኣባላትና ብዝብል ምስምስ ናብ ሱዳን ንኸስግሩዎም ኢሎም: ብሩባ ተከዘ ኣቢሎም: ሩባ ተከዘ እዘን ዝስዕባ ብሎኮታት ኣለወኦ:: 1. ብሎኮ ሩባ ተከዘ ማይ ዓይኒ:

2. ብሎኮ ሩባ ተከዘ ሽራሮ:
3. ብሎኮ ሩባ ተከዘ ሑመራ:

ግምባር ሃገራዊ ድሕነት: ን14 ሰባት ካብ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ናይ ኣባልነት ካርድ ብምሃብ: ማለት: ከም ቀወምቲ ኣባላቱ ብምምዝጋብ: ኣብ ሓንቲ ሚኒባስ ዝዓይነታ መኪና ጽዒኖም: ጉዕዞ ንወትሃደራዊ ስሪሒት ኣብ ከባቢ ኦምሓጀር ብዝብል ጉልባብ ተበጊሶም: ብሩባ ተከዘ ናብ ሱዳን ክሰግሩ ኣብ ዝመደቡሉ እዋን: ብሰበ ስልጣን ናይ'ቲ ከባቢ ዝርከቡ ሓለፍቲ ጸጥታ: ብብሎኮ ሩባ ተከዘ ሽራሮ ክሰግሩ እንከለዉ ተታሒዞም ነይሮም ኢዮም:: ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ከኣ: ካብ'ቲ ክመጾ ዝኽእል ሰበብ ንምውጻእ ብብላዕ ማለት: ጉቦ ከፊሉ ካብ'ቲ ዝኣተዎ መጻብቦ ክወጽእ ኪኢሉ ኢዩ::

ብዘይካ እዚ ግምባር ሃገራዊ ድሕነት: ነቶም ካብ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራ ናይ ኣባልነት ካርድ ሂቡ: ገንዘብ ኣኽፊሉ ናብ ሱዳን ንምስጋር: ብሑሞራ ገይሩ ናብ ሓምዳይት ከስግሮም ኣሒዝዎም ዝኸይድ ዝነበረ ሰባት: ነቲ ሒዘሞ ዝነበሩ ናይ ኣባልነት ካርድ: ኣብ ከባቢ ዶብ ሱዳን ምስ በጽሑ ክድርብይዎ ከም ዘለዎምኒ ተሓቢሩዎም እንተነበረ: ከም ዝተሓበሮም ብዘይምግባሮም ዝመጸ ሳዕቤን: ኣብ ዶብ ሱዳን ሓምዳይት ዝተባህለ ቦታ: ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ክንቀሳቐሱ ዝጸንሑ ዘይሕጋውያን ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ብማለት: ብኣባላት ፖሊስ ሱዳን ተታሒዞም ድሕሪ ምቕያዶም: ህይወቶም ናብ ሕማቕ ኩነታት ኣብ ዝወደቐሉ ህሞት: ናብ መዓስከር ስደተኛታት ሽገራብ ዝርከቡ ኤርትራውያን ናይ ርድኡና ኣውያት ኣብ ዝተቓለሐሉ እዋን: ኣብ እዋኑ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ሽገራብ: ኣስታት 15000 ፓውንድ ሱዳን (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ ፓውንድ ሱዳን) ከፊሎም ከም ዘውጽእዎም: ኣብ መዓስከር ሽገራብ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝምስክሩዎ ሓቂ ኢዩ::

ኪኖ እዚ ኸኣ: ብወትሃደራዊ ኣዛዚ ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ጃብር ያስማን ዝተማእከሉ ኣባላት ናይቲ ውድብ ዝኾኑ ሰባት: ናብ መዓስከር ስደተኛታት ሽገራብ ወግሐ ጸብሐ ምምልላሶም ከኣ: ነቶም ዘስገሩዎም ሰባት: ኣብ ሱዳን መዓስከር ስደተኛታት ሽገራብ ኣብጺሖም: ምስቶም ናብ ሊብያን: ናብ ሲናይ ዘሰጋግሩ ሰባት ኣተኣሳሲሮሞም ይኸዱ ከም ዝነበሩ: ነቲ ነባሪ ናይ'ቲ መዓስከር ሽገራብ ዝርከብ ኤርትራዊ ስደተኛ ድሒሩ ዝበርሃሉ ፍጻሜ ኢዩ::

- ውድብ ሳግም: በቲ ኣባሉ ዝኾነ ዓንዶም ዝበሃል ሰብ ኢዩ ነቲ ናይ ምስግጋር መስርሕ ዘካይዶ:: ዓንዶም: ሓደ ካብ ቀንዲ ወከልቲ ናይ ውድብ ሳግም ኮይኑ: ብተመሳሳሊ መልክዕ ኣካይዳ ናይ ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ኣገባብ ኢዩ ናብ ሱዳን ሰባት ዘሰጋግር:: ሳግም ክሳብ ዶብ ሱዳን ጥራይ ዘይኮነ: ናቱ ጠነግ ክሳብ

ናይ ሲናይ ጉዕዞን: ቀወምቲ ኣሰጋገርቲ ኣብ ሱዳን ናብ ሲናይን ሊብያን ደላላ ኮይኑ ‘ውን የካይድ ኢዩ:: እዚ ብሕቡእ ዝካየድ ኢዩ
ብዘይካ እዚ ግምባር ሃገራዊ ድሕነትን: ውድብ ሳግምን: ንኤርትራውያን ስደተኛታት ጥራይ ዘይኮነ: እንተላይ ኢትዮጵያውያን: ብፍላይ ኣምሓሩ ብመንገዲ ሱዳን ኣቢለን ናብ ሃገራት ዓረብ በይሩት ብኽድምና ንኽሰርሓ ብማለት: ምስ’ቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናብ ሃገራት ዓረብ በይሩት ክድምና ከይድካ ምስራሕ ዓጊቱ ብሕጊ ከልኪሉዎ ዘሎ እዋን: እዘን ዝተጠቕሳ ክልተ ውድባት: ምስቶም ኣብ ሱዳን ዘለዋ ናብ በይሩትን ካልኦት ሃገራት ዓረብን ብኮንትራት ዘሰጋግራ ትካላት ሱዳን ብምውህሃድ; ብመልክዕ ናይ ደላላ ስራሕ ተዋፊረን እትዋተን ዘኻዕብታ: ብጉልባብ ደምበ ተቓዉሞ ኤርትራ ዝነጥፋ ዘለዋ ናይ ምድላብ ገንዘብ ውድባት ኢየን::

- ናይ’ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንሓይሊ መንእሰያት ዘበራበረ እናተባህለ ታቱላ ዝተወኸዓሉ: ምንቅስቓስ ደሞክራስን ፍትሕን ኤርትራ (ምደፍኤ) (EMDJ): ገና ብንእሱ እንከሎ ኢዩ ከም ውድብ ከይዓንበበ ከም ዝሓርር ዝተገብረ:: (ምደፍኤ) ኣብ ምስረታኡ: ወያነ ኢዳ ብምእታው ኢያ ተፈታቲናቶ:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ወያነ ንኽልተ ኣባላት ውድባት ዝነበሩ መንእሰያት ማለት: እቲ ሓደ ኣባል ውድብ ጥራይ ዘይኮነ ብትውልዲ ‘ዉን ትግራዋይ ዝኾነ: ኣስመላሽ ነጋሽ (ሃገረይ ነጋሽ) ከም ኣቦ ወንበር ናይ’ቲ ግምባር ኮይኑ ክመጽእ እንከሎ: ከም ምኽትሉ ኮይኑ ንከገልግል ከኣ: ወያነ ነቲ ኣቐዲሙ ከም ስለያ ንክግልገለሉ ክብል ኤርትራዊ ብምኻኑ ጥራይ ናብ ሱዑድያ ሰዲድዎ ዝነበረ: ተውፊቕ ዝተባህለ ኣባል ውድባት ዝነበረ ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝምለስ ብምግባር: ኣብ እዋኑ ብእንገልጾ ናይ ሚስጢር ውዲታዊ ሓበሬታ: ኣባል መሪሕነት ምኽትል ኣቦ ወንበር ናይ’ቲ ምደፍኤን ከም ዝኸውን ዝተገበረ:: ኮይኑ ግን: ኣብ’ዚ ንኤርትራውያን ዜጋጋታ ካብ ኤርትራ ስግረ ዶብ ኣብ ምስግጋሮም ቀንዲ ካብ ዝነጥፉ ሰባት ሓደ: እቲ ብስም ሃገረይ ነጋሽ ዝፍለጥ ሞቦቆሉ ትግራዋይ ዝኾነ ኣስመላሽ ነጋሽ ኢዩ::

ኣቦ ወንበር ምደፍኤ ኣስመላሽ ነጋሽ (ሃገረይ ነጋሽ): ከም ኣባላት ምደፍኤ ዘይፍለጡ: ብውልቁ ምስ ሓላፊ ናይ ኣርባዕተ መዓስከራት ሓላፊ ዝኾነ ኣቶ ሓድሽን: ሓለፍቲ መዓስከራት ማይ ዓይንን ዓዲ ሓርሽን ኣቶ ተኪኤን ኣቶ ገረመድህንን ብምትሕብባር: ነቲ ሃገረይ ነጋሽ ባዕሉ ዝወደቦም: ኣብ ስግረ ዶብ ጥራይ ዝነጥፉ: ንኣባልነት ምደፍኤ ተጎልቢቦም ዝሰርሑ ሰባት ኣለዉዎ:: እቲ ናይ ምድላል ስራሕ ከኣ: ሃገረይ ነጋሽ በቲ ካብ ወጻኢ ሃገራት ምዕራብን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ዝግበረሉ ምትሕብባር ኢዩ: ነቲ ካብ ኤርትራ ዝካየድ ስግረ ዶብ ምስግጋር ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያ ዘነጣጥፍን ዝመርሕን::

ኣብ ምደፍኤ ብቕንዕና ዝቃለሱ ንዝነበሩ ሰባት: ወያነ ኣብ ቀይዲ ከተእትዎም እንከላ: ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን እቲ ክሳብ ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ጸኒዑ ዝጸንሐ ኣካል መሰረት ምደፍኤ ዝነበረ ሓይሊ: ፈትዩ ጸሊኡ ኣብ ትሕቲ ሃገረይ ነጋሽ ተመርኪኹ ክቃለስ ኢየ ኢሉ ክሳብ ዘይረዓመ: ህላዌኡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣድላዩ ከም ዘይኮነ ኣብ ዝሕበረሉ ዘሎ እዋን: ወያነ ንቐንዲ መሳርሕታ ዝኾነ ሃገረይ ነጋሽ: ነቲ ኣቐዲሙ ዘካይዶ ዝነበረ ወፍሪ ፍልሰት ኤርትራውያን ስግረ ዶብ ብዘይ ቶግላባነት ከዐዉታ ዝኽእል ሰብ እንተልዩ ብደረጃ መንእሰያት ሓደ ሃገረይ ነጋሽ ኢዩ:: ነዚ ጉልባብ ክጥቀመሉ ዝደሊ ሓይሊ ከኣ: እቲ ከም ጥርኑፍ ሓይሊ ዝስመ ዘሎ ምደፋኤ ጉልባባ ከም ዝኾና ብምርዳኣ ኢያ ኣብ’ዚ እዋን እዚ ደጊማ ንምደፍኤ ናብ ሃገረይ ነጋሽ ክጥቕለል ትእዝዝ ዘላ:: ናይ’ዚ ጉዳይ ቀንዲ ኣጎሳጓሲ ኮይኑ ዘሎ ከኣ: እቲ ንጉዳያት ኤርትራ ብደረጃ ምኽትል ናይ ጀነራል መስፍን ኣማረ ኮይኑ ዘካይዶ: ኣቶ ኣብርሃ ዝተባህለ ሰብ ኢዩ::

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ከኣ: እቲ ናይ ምስግጋር መስርሕ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ይኹን: ካብ ኢትዮጵያ ናብ ሱዳን: ዋሕዙ ቀጻሊ ከም ዝኸውን ጥርጥር የልቦን:: እዚ ኸኣ: ንሕና ኤርትራውያን ዘለና ነቓዓትን: ክፉት ማዕጾታትን: ጸገማትን ክሳብ ዘይዓጸና: እዚ ክፉትን ነቓዕን ቦታታት ንወያነ ከም ጉልቡብ ምረቓ ከገልግሎ ኢዩ::

መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ መዓስከር ዓዲ ሓርሽን ማይ ዓንን ዘጋጠመ ኩነታትን: 29 ትንፋስ ኤርትራውያን ክኹነን ዝግበኦ ኣሰቃቒ ስጉምቲ ፍጻሜ ኢትዮጵያን: ውዲታዊ ሰነድ ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳይ እገዳ ኤርትራን: ተራ ሞኒተሪን ግሩፐን ባይቶ ጸጥታን: ኣብ ቀጻሊ ብዝርዝር ከነቕርብ ኢና:: በዚ ኣጋጣሚ ሓበሬታና ዘይነጽፍ ፈለግ ኢዩ እናበልና: ክሳብ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና እንራኸብ ሰሰናዩ ንዓኹም

ካብ ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ተግባራት ወያነ

gdusattsenatsenti@gmail.com